# ቅስተ ደበና


ዋና ኣሳናዪ፡- chief Editor
ሚልክያስ ምሕረትኣብ Milikias Mihretab

ምክትል ኣሳናዪ፡- ASSISTANT EDITOR:-
መድሃኔ ሃይለ Medhanie Haile
ቦርድ፡- EDITORIAL BOARD
ተመስገን ገ/የሱስ Temesgen G/yesus
ዲያእ መሓመድ Dia Mohamed
ኣስመረት መድሃኔ Asmeret Medhanie
ሰመረ ታእዛዝ Semere Taezaz



Tel. ቴሌ 124690
P.O.Box ቁ.ሳ.ጶ 2734
E-mail: rainbow@gemel.com.er


## ርእሰ ዓንቀጽ

### «ነጻ ፕረስ እንተዘየጥፌእካዮ፣ ከጥፍኣካ'ዩ...?»

ኣብዚ እዋን'ዚ ኣብ ብሕታውያን ጋዜጣታት ሃገርና ናብ መንግስቲ ዝቐንዐ ነቐፌታ ብብዝሒ ይውሕዝ ኣሎ። ዝቐርብ ዘሎ ነቐፌታ ብዓይነቱ ኮነ ብትሕዝትኡ፣ ኣብ ዝሓለፈ ሓሙሽተ ናይ ፕረስ ዓመታት ተራእዩ ስለ ዘይፈልጥ ስክፍታታት ምፍጣሩ ኣይተረፈን።

ህዝቢ ኤርትራ ብሰንኪ እቲ ዘጋጠሞ ሰንሰለታዊ መግዛእቲ፣ ናይ ምዝራብ ኮነ ናይ ምጽሓፍ መሰሉ ተነፊጉ ብምጽንሑ እዚ ሓድሽ ተርእዮ ሕርኽርኽ ክብሉ ንቡር መስርሒ'ዩ። መግዛእታውያን ሓይልታት ዝፈጸሙሉ ስምብራት ምሉእ ብምሉእ ስለዝተደምሰሰ፣ እቲ ብቓልሱ ዝረኸቦ ናጽነት ብግቡእ ክስተማቐር ኣይክኣለን።

ናጽነት ፕረስ ክበሃል ከሎ ኣዋጅ ሕጊ ፕረስ ክሳብ ዘይግሃስካ ሓሳብ ክትገልጽን ክትጽሕፍን ከምዝከኣል፣ ህዝቢ ቀላ'ኳ እንተዘይሰሓቶ፣ ከተግብሮ ሰጋእ መጋእ ካብ ምባል ዓዲ ኣይወዓለን።

ኣብዚ እዋን'ዚ ህዝቢ ቅኑዕ ኢሉ ዝኣመነሉ ነቐፌታ፣ መርኣያ ምልኣት ናጽነት ኢዩ።

ሰጋብ ሕጂ መንግስቲ ንዘርእዮ ዘሎ ትዕግስትን ተጻዋርነትን ምስጋና ዝግብኦ ኢዩ። እዚ ናይ ምብህሃልን ምንቕቓፍን ባህሊ ክምዕብል እንተኾይኑ፣ መንግስቲ ክንዮ ተጻዋርነት ሰጊሩ፣ብይታ ኣብ ምጥጣሕ'ውን እጃም ክህልዎ ኣገዳሲ ኢዩ። እቲ ውልቀ መለኽቲ ዝኾተልዎ ነጻ ፕረስ እንተዘየጥፌእካዮ ከጥፍኣካ'ዩ። /If you don't destroy freedom of speech, freedom of speech will destroy you/ ዝብል እምር፣ ንህዝብን መንግስትን ስለዘየርብሕ ክንከተሎ ኣይግባእን። ምኽንያቱ ሰዓብቲ እዚ ፍልስፍናን ኣወዳድቓኦም ሕማቕ ስለዝነበረ።

መንግስቲ ንዝቐርበሉ ዘሎ ነቐፌታ ብመንጽር ክመስዶ ዝኽእል፣ ምንብዕባዕ፣ ምፍርራሕን ምእሳርን ካልእን፣ ትዕግስትን ተጻዋርነትን ምርኣዩ ዘመስግን'ኳ እንተኾነ፣ ከምልስ፣ ቅኑዕ ነቐፌታ ክቕበል፣ ጌጋ ነቐፌታ ክነጽግ ዘይምኽኣሉ ዘንእዶ ተግባር ኣይኮነን። ሰበ ስልጣን መንግስቲ ኣብ ህዝባዊ በዓላት፣ መዘናግዒ ቦታታት ብተሓቱት ሓለዋ ምስ ህዝቢ ተጸምቢሮም ክዋስኡ ክትርኢ ጽኒሕካ፣ መረረ ህዝቢ ኣብ ዝሰማዓሉ እዋን ትም ክምረጹ ክትርኢ ከለኻ፣ ዕላማ እቲ ምትሕውዋስ ንረኣዩለይ ክይከውን ትሰግእ።

ብድብዳቡ፣ በዚ ንኸዶ ዘለና ኣካይዳ ማለት፣ ህዝቢ ክማርር፣ ሕቶ ክቐርብ፣ ሃገራዊ ዛዕባ ኣልዒሉ ክሻቐል መንግስቲ ትም ክብል፣ ክም ቅዲ እንተተኣታቲዩ፣ ዝምድና ህዝብን መንግስትን ምሕሻኹ ኣይክተርፎን'ዩ። ህዝባዊ ስልጣን ሒዝካ፣ ህዝቢ እንዳተዛረበ ትም ምምራጽ ንሕቶ ህዝቢ ተገዳስነት ዘይምሃብ ስለዘስምዕ መንግስቲ ክምልስ ግዴትኡ'ዩ።

ህዝቢ ናይ ምዝራብን ምጽሓፍን መሰል ተጠቃሚ ኮይኑ፣ መንግስቲ ናይ ምምሓሉ ግቡኡ ዕሽሽ እንተኢልዎ እቲ ዘድለ ናይ ምእራምን፣ ምሕዋይን ዕላማ ክውቃዕ ስለዘይክእል ጠመተ ዘድልዮ ጉዳይ ኢዩ።

ኣብዚ ዘለናዮ ናይ ሓበሬታ እዋን ትም ክም ብሉሒ እንተተወሲዱ ጉዕዞ ምዕባለና ንቕድሚት ክኸውን ስለዘይክእል መንግስቲ ዕቱብ ኣቓልቦክህቦ ይግባእ። ዲሞክራሲ ካብቲ ዝሓቐፎ ረቛሒ ሓደ ዝኾነ፣ ናይ ምዝራብን ምጽሓፍን ናጽነት ይተኣታቶ ስለዘሎ፣ ኣብ ምዕባለ ሃገር፣ ቀላ'ኳ ኣኻሊ እንተዘይኮነ፣ ሓደ ስጉምቲ ንቕድሚት'ዩ። ኤርትራ ከም ሃገር ኣብ ኣርባዓታት መጓልታዊ ጋዜጣ ዝነበራ ሃገር ምኻና፣ ህዝቢ ኤርትራ ምስ ፕረስን ውጽኢት ፕረስን ልዑል ሌላ ዝነበሮ ህዝቢ ምኻኑ ብምዝኽኻር፣ ፍረ ዲሞክራሲ ምቁዳስ ይእምበር ምሕራር ምሽቓልን ምስካፍን ከምዘይግባእ በዚ ኣጋጣሚ ነዘኻኽር።

መንግስቲ ንምንታይ ተነቒፈ ክይበለ፣ ነቐፌታ ከምዝብልሖ ተረዲኡ፣ ነዞም መስተያቱ ዝኾኑ ጋዜጣታት፣ ክተባብዕ፣ እቲ ጀሚርዎ ዘሎ ናይ ተጻዋርነት ልምዲ ክማዕብል እንዳተላበና። ህዝቢ እቲ ፕረስ ኣብዚ ደረጃ'ዚ ንምብጻሕ ዘርኣዮ ትብዓት ከይፍለሉ ነዘኻኽር።